ERI-PLATFORM
Enlighten, Engage, Unite

ኤሪ-ፕላትፎርም
ኣብርህ፡ኣሳትፍ፡ኣሰምር

# ሕድሪ ‘ለኪ ባጽዕ!

07.02.2019

ባጽዕ ሉል ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ
ባጽዕ ’ወ ባጽዕ ሓያል ሰራውራ።

ተበሃጊት ወደብ ምስ ገማግም ባሕራ
ዓይኒ ኣባይ ዘይፍለየኪ ሒዞ መከራ
ፍሉይ’ዩ ቦታኺ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ
ብፍላይ ብፍላይ መግዛእቲ ኣምሓራ።

ሕድሪ ‘ለኪ ባጽዕ፡ ሕድሪ ‘77 ብመራራ
ንኣዋርሕ ዓሪዶም ከርህዉልኪ መከራ
ገዲፎም’ወ ዓጽመ ስግኦም ሒዞ ሓደራ
ብዘግሒ ጨውኪ ዝነቐጹ በዲሆም ንሰብ ጽሩራ።

ኣብ ከርስኺ ዝገደፎ ርስቲ
ሓመድኪ ማሚቑ ብናቱ ኣዕጽምቲ
ጐብዝንኡ ቀቢሩ ኣብ ጨውኪ መማቅርቲ።

ዓይንኺ ዝረኣዮ ጅግንነት
ንስኺ ብተሰፋ ንሱ ብተወፋይነት
ንስኺ ብሃንቀውታ ንሱ ብሕነት
ህያው ኰይኑ ብስርሒት ፈንቅል በዓል ሕድሪ እምነት።

መግዛእቲ ደምሲሱ ሃበኪ ግርማ
ስቃይኪ ቀቢሩ ኣልቢሱኪ ጋማ
ክትኰንሉ’ወ መትኒ ምዕባለ በልማማ።

ፍሑኾ ከይበልኪ ሓሺሸወን ደሴታት ሓኒሸ ርስቲ
መሲሉ ብዓል ርስቲ ጐልቲ
ኣሚነይ ዝበልኪዮ ኰይኑ ሕማም ኰርምቲ
ሓወይ ክትብልዮ ገይሩኪ መባድልቲ
ውሉደይ ክትብልዮ ገበረኪ ምኽንቲ
ኣሕሊፉ ክህበኪ ንዓመጽቲ።

እወ፡ ኡፎይ ከይበልኪ ኣውጁልኪ መከራ
ዳግማይ ከይትህነጺ ኣብዝሓልኪ መፈንጠራ
ከይተደበስኪ ናይ መንግስቱ፡ ናፓል ምስ ክላስተራ
ዝጸሓየ ኣብ ኣባይትኺ ዝደምሰሶ ብኰምራ።

እቲ ናይ ትማሊ ንብዓት ምስ ኣውያት
ዘሰንከለ ህጻውንቲ ዘትረፎም ዘኽታማት
መስከርቲ’ዮም እቶም ውጻእ መዓት።

ዝኣመንኪዮ ወጊኡኪ ኣጸጽዩ ሰብ ዝና ዝናራ
ታሪኾም ደምሲሱ ኣውሪዱኪ ንዕዳጋ ምስ ጃህራ
ደሴታትኪ ኰይነን መዋፈሪ ንሰብ ወርቂ ምስ ዶላራ
ከጐብጠኪ ወጊኑ ምስ ገዛእቲ ኣምሓራ።

ንቐል ወዲ ሃገር ስርሒት ፈንቅል ድገሞ
ዝገደፉልና ሕድሪ ንዓቅብ ብዓወት ንዛዝሞ
ቀይሕ ባሕሪ ባዕልኻ ክትውንኖ።